refugee council
help and advice

October 2006

# ኣብ ገዛ ዝግበር ጭቆና – ሓገዝ የድልየክን ድዩ?

**ኣብ ገዛ ዝግበር ጭቆና ዝበሃል፡ ኣብ መንጎ ዓቕመ ኣዳም ዝበጽሑ ብሓንሳብ ዝነብሩ ዘለዉ ወይ ዝነብሩ ዝነበሩ ሰባት፣ ኣብ ሞንጎ ኣባላት ቤተሰብ፣ ወይ ድማ ኣብ ሞንጎ ካልኦት ጾታኦም ብዘየገድስ ኣብ ትሕቲ ሓደ ሓዳር/ገዛ ዝነብሩ ዘለዎ ወይ ዝነብሩ ዝነበሩ ሰባት ዝፍጸም ናይ ምፍርራሕ ጣባያት፣ ዓመጽ ወይድማ ጉድኣት እዩ።**

**ዝተፈላለዩ ናይ ጭቆና መልክዓት ኣለዉ፤**

- **ኣካላዊ ዓመጽ፤ ምህራም፣ ምቕላዕ፣ ብመሳርያ ወይ ብዘይመሳርያ ምጥቃዕ፣ ምሕናቕ፣ ከምእውን ምውጋእ**
- **ጾታዊ ዓመጽ፤ ብዘይ ድሌት ምግሳስ፣ ብሓይሊ ጾታዊ ርክብ ምግባር፣ ናይ ብዕልግና ስእልታት ክትርኢ ብሓይሊ ምግዳድ፣ መከላኸሊ ጥንሲ ንኸይጥቀማ ምኽልካል**
- **ሞራላዊ ዓመጽ፤ ምፍርራሕ (ናይ ምቕታል ምፍርራሕ ዘጠቓለለ)፣ ምዕናው ንብረት፣ ብዓውታ ምጭዳር ወይ ምጽራፍ፣ ምድሃል፣ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ምእታው**
- **ናይ ገንዘብ ዓመጽ፤ መግቢ ወይ ገንዘብ ከይጥቀሙ ምእጋድ**

**ዓመጽ እንተደኣ ዝወርደክን ኣሎ ኾይኑ፤ ብዛዕባ እዞም ዝስዕቡ ነገራት ክትፈልጣ ይግበኣክን፤**

- ብዛዕባ እቲ ዓመጽ ወይ እቲ ጉድኣት ነዞም ዝስዕቡ ኣካላት ክትሕብራ ትኽእላ፥ ንሃገራዊ ናይ ቤት ጭቆና ናይ ሓገዝ መስመር (National Domestic Violence Helpline)፣ ንፖሊስ፣ ንሓኪምክን ወይድማ ንቤት ምኽሪ ስደተኛታት (Refugee Council)
- እቲ እትህብኦ ሓበሬታ ብምስጢር ዝተሓዝ ኮይኑ፡ ብዛዕብኡ ድማ ብዘይ ፍቓድ ናትክን ዝኾነ ይኹን ስጉምቲ ኣይውሰድን እዩ
- ናብ ካልእ ጉድኣት ወይ ዓመጽ ዘይብሉ ቦታ ድማ (ምስ ደቅኽን) ብኡብኡ ከምትግዕዛ ክግበር ይከኣል እዩ
- ርእስኽን ብምኽኣል ድማ ናይ ጽግዕተኛነት ፍቓድ ንምርካብ ባዕልኽን ከተመልክታ ትኽእላ ኢኽን
- ብዛዕባ እቲ ዝወረደ ዓመጽ ዝተወሃበ ሓበሬታ ድማ ብዕቱብ ጥንቃቐ ክተሓዝ እዩ
- እዚ ዘሎ ሕጊ እውን፡ ካብቲ ዓመጽ ዘውረደልክን ኣካል ክከላኸለልክን ይኽእል እዩ፡ ንኣብነት ሕጋዊ ዝኾነ ስጉምቲ ብምውሳድ
- ዘለኽንኦ ኩነታት ብምርኣይ፡ ነቲ ካብ ሃገራዊ ስደተኛታት ናይ ደገፍ ኣገልግሎት (National Asylum Support Service (NASS)) ትረኽብኦ ዝነበርክን ሓገዛት ክትቕጽልኦ ትክእላ ኢኽን
- ዓመጽ ዝወረደክን ብናትክን ጥፍኣት ወይ ጉድለት ኣይኮነን

**ሓገዝ ንምርካብ ነዞም ዝስዕቡ ተወከሳ፤**

**ናጻ ናይ 24 ሰዓታት ናይ ሃገራዊ ናይ ቤት ጭቆና ናይ ሓገዝ መስመር 0808 2000 247**
እንግሊዘኛ ቋንቋ እንተደኣ ዘይትኽእላ ኰንክን፡ ብኽብረትክን ኣየናይ ቋንቋ ከምትዛረባ ግለጻ። ኣስተርጓሚ ክሳብ ዝርከብ ድማ ክትጽበያ ትክእላ ኢኽን፤ ወይድማ ኣየናይ ቋንቋ ከምትዛረባ ብምንጋር፡ ስልኪ ቁጽርኽን ክትገድፋ ትኽእላ ኢኽን፤ ደሓር ኣማኻርን ኣስተጓሚን ተመሊሶም ክድውልልክን እዮም።


Registered charity no. 1014576 Registered company no. 2727514 Registered address: 240-250 Ferndale Road London SW9 8BB

**ናይ ፖሊስ ስ.ቁጽሪ ንህጹጽ ጉዳያት (Police (emergency)) 999**

**ናይ ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ናይ ምኽሪ መስመር፡ ኣብ ናይ ስራሕ ስዓታት ነቲ ዝድለ ቤት ጽሕፈት ተወከሱ፡**

| | |
|---|---|
| London | 020 7346 6777 |
| East of England | 01473 297 900 |
| West Midlands | 0121 620 1515 |
| Yorkshire & Humberside | 0113 386 2210 |


Registered charity no. 1014576 Registered company no. 2727514 Registered address: 240-250 Ferndale Road London SW9 8BB